መ ዝ ሙ ር ት ን ሳ ኤ

# <u>መዝሙር እምነት 36 ህያው እዩ ዘልኣለም</u>

1.ክርስቶስ ተንሲኡ እዩ፡
ርእሲ ተመን ጨፍሊቑ፡
ይነብር ኣሎ ምሳና፡
ንሓይሊ ሞት ኣሕሚቑ።

<u>ተደጋሚ፡-</u> ህያው'ዩ ዘልኣለም ፡ የሱስ መድሓኒና፡
ህያዋን ንኸውን ከምኡ፡ ንሓይሊ ሞት ስዒርና።

2.ብሓንሳብ ብቕጽበት ዓይኒ፡
ብድሕሪ'ቲ መለኸት፡
ምውታት ክትንስኡ'ዮም፡
ንሕና ድማ ንልወጥ።
<u>ተደጋሚ</u>

3.ፍረ ስርናይ ከም 'ትትንስእ፡
ከም ብሓድሽ ካብ መሬት፡
ንሕና'ውን ካብ ከርሲ ሲኦል፡
ብትንሳኤ ንልወጥ።
<u>ተደጋሚ</u>

4.ንብልሒ ናይ ሞት ዘጉደመ፡
ዝተዓወተ የሱስ፡
ክምለስ'ዩ ክወስደና፡
ንሕና ድማ ክንስዕር።
<u>ተደጋሚ</u>

5.ጻዕርና ከንቱ ኣይኮነን፡

እንገብሮ ንነይታ፡
ተስፋ ትንሳኤ ኣሎና፡
ንጋደል ኣበርቲዕና።
*ተደጋሚ*

## መዝሙር እምነት 37-መድሓኒየይ ህያው ክርስቶስ’ዩ W.S.H.76

1.መድሓኒየይ ህያው ክርስቶስ’ዩ፡
ብኽብሪ ክግለጽ’ዩ፡
ህይወት ዘልኣለም ንሱ ይህብ፡
ስልጣን ምድሓን ናቱ እዩ።

ተደጋሚ:- መድሓኒየይ ህያው ክርስቶስ’ዩ
ብኽብሪ ክግለጽ እዩ፡
ረኺበ’የ ህይወት ዘልኣለም፡
ስልጣን ምድሓን ብኡ እዩ።

2.ዘይጠልም እዩ ተስፋታቱ፡
ዝዛረቦ ዘይልወጥ’ዩ፡
ኣካለይ እንተ መሽመሽ’ኳ፡
ክርእዮ’የ ብግዚኡ።
*ተደጋሚ*

3.ኣብ ዘለዎ መታን ክነብር ፡
ቤት ኣብ ሰማይ ኣዳልዩ፡
ዘገርም ሓልዮት መድሓንየይ፡
ክወስደኒ ክምለስ’ዩ።

ተደጋሚ

# መዝሙር እምነት 38 ውሉድ ኣዳም እልል ንበል

1.ንፍርዲ ብፍቕሪ ዝሰዓረ፡
ብብርሃን'ውን ንጸልማት ዘህደመ፡
መቑሕ ኣዳም ዝሰበረ፡
የሱስ መጸ'ናሰዓረ።

ተደጋሚ፡- ውሉድ ኣዳም እልል ንበል፡
ሰማይ ምድሪ ካብ ተዓርቁ፡
ሓያል ኣምላኽ ዓቢ ክብሩ፡
ስሌና ክብል ሓሲሩ።

1. ንጎይታቲና ናይ ርኽሰት ባህሪ፡
   ንግብሪ ስጋ'ውን ጸላኢ ፍቕሪ፡
   ቀቲሉ የሱስ ሰዓሪ፡
   ልብና መልኤ ብፍቕሪ፡
   ተደጋሚ፡-

2. መጋረጃ ከልካሊ ኩላትና፡
   ተተርተረ ብየሱስ ጎይታና፡
   ገጽ ኣምላኽ ምርኣይ ከኣልና፤
   ኣየ ዕድል ተዓዊትና።

ተደጋሚ፡

3. ብሓጥያት ናይ ኣዳም ንእተዓጽወ፡
ደጌታት ናይ ሰማይ ዝኸፈተ፡
ዝጸውዔ ደቀይ ኢሉ፡
ተሓጐስና ንስገደሉ።
ተደጋሚ፡

## መዝሙር እምነት 39 ክርስቶስ ሎሚ ተንሲኡ

1. ክርስቶስ ሎሚ ተንሲኡ ሃሌሉያ፡
   ሰብ ምስ መላእኽቲ ዘምሩ ሃሌሉያ፡
   ድምጽኹም ዓው ኣብሉ ሃሌሉያ፡
   ሰማይ ምስ ምድሪ ዘምሩሉ ሃሌሉያ።

2. ዘድሕን ፍቕሪ ተገልጸ ሃሌሉያ፡
   ውግእ ኩሉ ተፈጸመ ሃሌሉያ፡
   ሓይሊ ሞት'ውን ተሳዕረ ሃሌሉያ፡
   ክርስቶስ ተንሲኡ ካብ መቓብር ሃሌሉያ።

3. ንጉስና ይነብር ኣሎ ሃሌሉያ፡

ሓይሊ ናይ ሞት ኣበይ ኣሎ ሃሌሉያ፡
ሞይቱ ድሕነት ኣምጺኡ ሃሌሉያ፡
መቓብር ኣበይ ኣሎ ሓይሉ ሃሌሉያ።

4. ንመድሓኒና ንጠምት ሃሌሉያ፡
ንናቱ ኣብነት ንውሰድ ሃሌሉያ፡
ከምኡ ክንትንስእ ኢና ሃሌሉያ፡
ምስኡ ኮይንና ክንወርስ ኢና ሃሌሉያ።

ከ.ጸ

## <u>መዝሙር እምነት 40. እልልታ ክኸውን'ዩ።</u>

1. ኣብ ትንሳኤ መለኸት ኣብ ዝፍንሓሉ ግዜ
እልልታ (ሃሌሉያ) ክኸውን'ዩ።
ናይ ጎይታ ቅዱሳን ኩሎም ምስኡ ኪሕጎሱ'ዮም።
እልልታ (ሃሌሉያ) ክኸውን'ዩ።

ተደጋሚ፡- እልልታ (ሃሌሉያ) እልልታ (ኣሜን) ክኸውን'ዩ።

ኣብ ግዜ ትንሳኤ ኩሎም ምዉታት ኪትንስኡ'ዮም፡

እልልታ (ሃሌሉያ) ክኸውን'ዩ።

2. ብንግሆ ትንሳኤ ምስ የሱስ ጎይታና ክንከውን፡
   እልልታ (ሃሌሉያ) ክኸውን'ዩ።
   ኣቦን ኣደን ኩላቶም ፈተውትና'ውን ክንረኽቦም፡
   እልልታ (ሃሌሉያ) ክኸውን'ዩ።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

1. ብንግሆ ትንሳኤ ዓቢ ሓጎስ ክኸውን ኢዩ።
   እልልታ (ሃሌሉያ) ክኸውን'ዩ፡
   መድሓንየይ ክርእዮ'የ ምእንታይ ዝሞተለይ፡
   እልልታ (ሃሌሉያ) ክኸውን'ዩ፡
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

2. ኣብ ግዜ ትንሳኤ ንጎይታና ክንርእዮ ኢና፡
   እልልታ (ሃሌሉያ) ክኸውን'ዩ፡
   ኣብ ናይ ህይወት ዕረፍትና ብኽብሪ ምስ ኣቶና፡
   እልልታ (ሃሌሉያ) ክኸውን'ዩ።

ኢ.ሓ